# ኣብ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ዘይፉቑድ ብኩሪት ምስ ዝህልወካ ኣብ ልዕሊ ቍጠባዊ ረዲኤት-ትምህርቲ(ስቱድዮ ቢድራግ) እንታይ የጋጥም?

ኣብ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ዘይፉቑድ ብኩሪት ምስ ዝህልወካ እቲ ትወስዶ ቍጠባዊ ረዲኤት-ትምህርቲ ደው ክብል ይኽእል እዩ።ካልኦት ረዲኤታት ከም ተወሳኺ-ረዲኤት ካብ ሲኤስኤን ወይ ረዲኤት ክራይ-ገዛ ካብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ መድህን(ፈርሸክሪን ካሳን) እውን ደው ክብሉ ይኽእሉ እዮም።ዘይፍቑድ ብኩሪት ምስ ዝህሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ካብ ሲኤስኤን ዝውሰድ ቍጠብዊ ረዲኤት እንታይ ከም ዘጋጥም ኣብ'ዚ ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ።

## እዚ ከም ዘይፍቑድ ብኩሪት ይሕሰብ

ዘይፍቑድ ብኩሪት ምኳኑን ዘይምኳኑ ዝውስን እቲ ቤ/ት እዩ።ንኣብነት ብተደጋጋምን ብዘይ ሙኽኑይ ፍቓድ

- ካብ ናይ ክፍሊ ኣስተምህሮታት ምስ ትበኩር
- ብዙሕ ግዜ ደንጒኻ ምስ ትመጽእ
- ናይ ክፍሊ ኣስተምህሮታት ከይተወድኡ ቀልጢፍካ ምስ ትኸይድ

ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብጠቕላላ 4 ሰዓታት ወይ ዝያዳ ተደጋገምቲ ዘይፍቑድ ብኩሪታት ምስ ዝህልዉኻ እቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ሲኤስኤን ጸብጻብ ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ።

እቶም ብኩሪታት ኣብ ገሊኡ ኩነታት ፍሉያት ምኽንያታት ምስ ዝህልዎም እቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ሲኤስኤን ከይሓበረ ስቕ ክብል ይኽእል እዩ።እቶም ምኽንያታት ንኣብነት ሕማም፡ምድንዳን ምስ ዘጋጥመካ ወይ'ውን ካልኦት ውልቃውያን ምኽንያታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።ሕማቕ ይስመዓካ ስለ ዘሎ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ትቦኩር ነቲ ቤ/ት ክትሕብሮ ኣገዳሲ እይ።

## ቤት ትምህርቲ ዘይፍቑድ ብኩሪት ኣለካ ኢሉ ምስ ዝግምግም እዚ ዝስዕብ የጋጥም




1. እቲ ቤ/ት ዘይፍቀድ ብኩሪት ከም ዘለካ ጸብጻብ ናብ ሲኤስኤን የሕልፍ።ከም'ዚ ዓይነት ብኩሪት ምስ ዝህልወካ ከም ምሉእ-ሰዓታት ተምሃራይ ስለ ዘይትሕሰብ መሰል ቍጠባዊ ረድኤት ኣይህልወካን።





2. ሲኤስኤን ነቲ ዝወሃበካ ቍጠባዊ ረድኤት ደው ብምባል ቅድሚ ሕጂ'ውን ዝያዳ ተኸፊልካ እንተነይሩ መርመራ የካይድ።



3. እቲ ቤ/ት ዳግም ምሉእ ሰዓታት ክትመሃር ከም ዝጀመርካ ምስ ዝግምግም ጸብጻብ ናብ ሲኤስኤን ይልእኽ።




4. ሕጂ መሰል ቍጠባዊ ረድኤት ክህልወካ ይጅምር።ዘይግበኣካ ገንዘብ ወሲድካ ነይርካ ምስ ትኸውን ግን እዚ ሕጂ ዝፍቀደልካ ቍጠባዊ ረድኤት ክሳብ ዝጅመር ክደናጎይ ይኽእል እዩ።ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ቲ ሲኤስኤን ዝሃበካ ገንዘብ ግድን ክትመልሰሉ ምስ ትእዘዝ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ተመልከት።



5. ኣብ ሰነ ዝኽፈል ገንዘብ ክሰሓብ ይኽእል።እዚ ክፍሊት እንተወሓደ ንትሽዓተ ኣዋርሕ ኣብ ሓደ ዓመተ-ትምህርቲ ምሉእ-ሰዓታት ትመሃር ምስ ትነብር ጥራሕ እዩ ዝፍቀድ።

**ኣስተውዕል!** እቲ ቍጠባዊ ረድኤት-ትምህርቲ ደው ምስ ዝብል ካብ ካልኦት በዓል-መዝታት ወይ ቤ/ጽሕፈታት ዝወሃቡኻ ረድኤታት ንኣብነት ካብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ መድህን(ፈርሸክሪን ካሳን) ዝወሃቡኻ ረድኤት ክራይ-ገዛን ተወሳኺ ረድኤታት ብዙሓት ቈልዑን ደው ክብሉ ይኽእሉ እዮም።

CSN nr 1633J/2111

## ሲኤስኤን ዝሃበካ ገንዘብ ግድን ክትመልሰሉ ምስ ትእዘዝ

ዘይግበኣካ ቍጠባዊ ረድኤት ምስ ትወስድ ግድን ክትመልሶ ኣለካ።ብቐዳምነት ካብ ኣብ'ቲ ዓመተ-ትምህርቲ ዝወሃቡኻ ክፍሊታት ንቕርጸልካ።እቲ ዝቕረጽ ገንዘብ ምስ ዘይኣክል ወይ ምሉእ-ሰዓታት ምስ ዘይትመሃር ኣብ መወዳእታ ሰነ ክፈል ዝብል ትእዛዝ ብምሕላፍ መኽፈሊ ፋቱራ ንልእኸልካ።እቲ ክፈል ዝብል ትእዛዝ ዝወሃቦ ነቲ ገንዘብ ዝተቐበለ ወይ ዝወሰደ እዩ።

## ክትመልሶ ዘለካ ገንዘብ ኣብ ሰዓቱ ክትኸፍሎ ኣገዳሲ'ዩ

ክፈል ዝብል ትእዛዝ ምስ ዝመጸካ ዕዳኻ ክትኸፍሎ ኣገዳሲ እዩ።ብኹሉ ክትኸፍሎ ምስ ዘይትኽእል ኣከፋፍላ ክግበረልካ ተኽእሎ ኣሎ።ስለ'ዚ እቲ ንዓኻ ዝሓሸ መፍትሒ መታን ክንገብረልካ ንዓና ንሲኤስኤን ተወከሰና።

ዕዳካ ክትኸፍል መዘኻኸሪ ድሕሪ ምልኣኽና ከይከፈልካ ስኽ ምስ ትብል፡ነቲ ጉዳይ ናብ በዓል-መዚ ኣስፈጻሚ ትእዛዝ(ክሮኖፎግደን) ነሕልፎ።ከም'ዚ ምስ ዝኸውን ናይ ዕዳ ኣበር ይህልወካ።

## ርኢቶታት ምስ ዝህልዉኻ

ቤ/ት ዝሃቦ ጸብጻብ ብኹሪትካ ግጉይ እዩ ዝብል ርኢቶ ምስ ዝህልወካ ብቐዳምነት ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወከሶ። እንተምንታይ'ሲ ፍቑድን ዘይፍቑድን ብኹሪት ዝውስን ሲኤስኤን ዘይኮነስ እቲ ቤት ትምህርቲ ስለ ዝኾነ።

ሲኤስኤን ዘሕለፎ ውሳነ ጉጉይ እዩ ምስ ትብል ይግባይ ክበሃል ይከኣል እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ csn.se ኣንብብ

CSN nr 1633J/2111